COLORADO
Governor Jared Polis

Translation provided by
Office of International and Immigrant Affairs

**D 2020 012**

***ፈፃሚ ትእዛዝ***

***ምልቃቓት፣ ወረሳታትን፣ ምብታኽ ህዝባዊ ግልጋሎታትን ዝግድብን መስርሓት ጥርዓን መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ዘሳልጥን ትእዛዝ ንብኮቪድ-19 ዝተጠቕዑ ነበርቲ ኮሎራዶ ረዲኤት ንምሃብ***

ብመሰረት ንቢሮ ኣማሓዳሪ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ ዝተወሃበ ስልጣን፣ ብፍላይ ድማ ብመሰረት ዓንቀፅ IV፣ ክፋል 2 ሕገ መንግስቲ ኮሎራዶ ከምኡ እውን ምስዚ ጉዳይ ዝተኣሳሰሩ ክፋላት ኣዋጅ ህፁፅ ሓደጋ ኮሎራዶ፣ C.R.S. § 24-33.5-701, *እዚ ዝስዕብን* (ኣዋጅ)፣ ኣነ፣ ጃሬድ ፖሊስ፣ ኣማሓዳሪ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ፣ ብምኽንያት ምርካብ ሕማም ኮሮናቫይረስ 2019 (ኮቪድ-19) ኣብ ኮሎራዶ ነቲ እዋናዊ ኢኮኖምያዊ ረብሻ ንምቕላል፣ መልሲ ንምሃብን፣ ካብኡ ንምሕዋይን በዚ ኣቢለ እዚ ምልቃቓት፣ ግበታታትን፣ ምብታኽ ህዝባዊ ግልጋሎታትን ዝግድብን መስርሓት ጥርዓን መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ዘማሓይሽን ዘሳልጥን ፈፃሚ ትእዛዝ ይህብ።

## I. <u>ድሕረ ባይታን ዕላማን</u>

ብመጋቢት 5, 2020, ክፍሊ ክንክን ጥዕናንን ከባብን ኮሎራዶ (CDPHE) ቤተ ፈተነ ክንክን ጥዕና እቲ ናይ መጀመርያ ዝጥርጠር ኣወንታዊ ውፅኢት ምርመራ ኮቪድ-19 ኣብ ኮሎራዶ ኣረጋጊፁ። ሽዑ ጀሚሩ፣ በዝሒ ዝተፈለጡ ኬዛት ምውሳኽ ቀፂሉ ኣሎ፣ ብትወሳኺ ኣብ መላእ እታ ክፍለ ሃገር ካብ ሰብ ናብ ሰብ ምምሕልላፍ ከም ዘሎ መረዳእታ ኣለና። ብመጋቢት 10፣ 2020፣ ብቓለይ ህፁፅ ሓደጋ ኣዊጀ፣ ከምኡ እውን ተዛማዲ ፈፃሚ ትእዛዝ D 2020 003 ብመጋቢት 11, 2020 ኣውፂአ።

ምምሕዳረይ ምስ ካልኦት ክፍለ ሃገር፣ ከባብያዊን፣ ፌደራላዊን ስልጣናት፣ ሳዕቤናት እዚ ፓንደሚክ ንምፉኻስ፣ ተወሳኺ ዝርገሐ ንምክልኻልን፣ ካብ ምዕልቕላቕ ምንጪታት ክንክን ጥዕናታትና ንምክልኻልን ሰፊሕ ተርታ ስጉምትታት ወሲድና ኢና።

ኢኮኖምያዊ ፅልዋ ኮቪድ-19 ዕዙዝ እዩ ኢኮኖምያዊ ፅንዐት ብዙሓት ነበርቲ ኮሎራዶን ቢዝነሳት ውሽጢ ዓዲን ከዓ ከድክም የስግእ። ብኮቪድ-19 ዝተፈጠረ ስግኣት ብኽለት ምዕፃው ብዙሓት ቢዝነሳት ኣድላዪ ኮይኑ እዩ። ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ዳርጋ ኩሎም ዘርፍታት ኢኮኖሚ ብፅኑዕ ተሃስዮም እዮም። ንምድጋፍ ኢኮኖምያዊ ውሕስነት፣ ስራሕ፣ ማሕበራዊ ጥምረትን፣ ማሕበራዊ ሕውየትን ስጉምቲ ክንወስድ ኣለና።

በዚ ፈፃሚ ትእዛዝ፣ ንግዚኡ ምልቃቓት፣ ወረሳታትን፣ ምብታኽ ኣገልግሎታት ህዝብን ይግድብን ከምኡ እውን ብኮቪድ-19 ፓንደሚክ ዝተጠቕዑ ስራሕ ኣልቦ ነበርቲ ኮሎራዶ ሓገዝ የቕርብን ኣለኹ። ብተወሳኺ ንምምሕያሽን ምስላጥን ፃዕርታት ምፍኳስ፣ መልሲ ምሃብን፣ ምሕዋይን ካብዚ እዋናዊ ብኮቪድ-19 ዝሰዓበ ኢኮኖምያዊ ረብሻ ሃብቲ ሃገር የኽትት ኣለኹ። እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ንዝመፁ ሰሙናትን ኣዋርሕን ኢኮኖምያዊ ድሕንነት ማሕበረሰባትን ቢዝነሳትን ኮሎራዶ ንምክልኻል ኣይሕግዘን።

## II. <u>*መምርሕታት ወረሳታትን ምልቃቓትን*</u>

A. ኣነ ንፈፀምቲ ዳይረክተራት ክፍሊ ጉዳያት ውሽጢ ዓዲ (DOLA)፣ ክፍሊ ዕዮን ስራሕን (CDLE)፣ ከምኡ እውን ክፍሊ ተቖፃፀርቲ ትካላት (DORA) ምስ ወነንቲ ንብረትን ኣካረይቲ ገዛን ክሳብ ሚያዝያ 30/ 2020 ኣንፃር ተኻረይትን ወይ ከዓ ወነንቲ ተንቀሳቃሲ ገዛን ብዘይ

ምንም ምኽንያት ወይ ብምኽንያት ምድንጓይ ወይ ዘይምኽፋል ክራይ ወይ ኣናእሽተይ ጥሕሰታት ክራይ ዝግበሩ ምልዓልን ምፍፃምን ከይድታት ምልቃቕ ንምውጋድ ሕጋዊ ስጉምትታት ንምልላይ ክሰርሑ ይእዝዝ።

B. ንምዕቃብን ምቕዳምን ሃፍትታት ሃገርን ትካላት ውሽጢ ዓድን ከምኡ እውን መኮንናት ኣስፈፀምቲ ሕጊ ከም ምላሽ ነቲ ኮቪድ-19 ፓንደሚክ ወሰንቲ ተግባራት ንክሰርሑ ድልዊ ንምግባር፣ ፈፃሚ ዳይረክተር ክፍሊ ድሕንነት ህዝቢ (DPS) ምስ ኩሎም ኣማሓደርቲ፣ ከንቲባታትን፣ ካልኦት መራሕቲ ውሽጢ ዓዲን ክሳብ ሚያዝያ 30/2020 ምስ ኣስፈፀምቲ ሕጊ ትካላቶም ከምዚ ዓይነት ስጉምትታት ጥዕናን ውሕስነትን ህዝቢ ንምሕላው ኣገደስቲ እንተዘይኮይኖም ንምውንዛፍ ተግባራት ምልቃቕ መንበሪ ገዛ ኣብዛ ሃገር ተመሳሳሊ ስሩዕ ስጉምቲ ንክወስዱ ብሓደ ንክሰርሑ ይእዝዝ።

C. ካብቲ ማዕከም ህፁፅ ሓደጋ ሰለስተ ሚልየን ዶላር ($3,000,000) ብምኽንያት ምስ ኮቪድ-19 ዝተተሓሓዘ ኢኮኖምያዊ ረብሻ ገንዘባዊ ሽግራት ንዘጋጥሞም ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ስድራ ቤታት ናይ ሓፂር እዋን ናይ ክራይን ልቓሕን ሓገዝ ንምሃብ ንDOLA ክምግደርን ድልዊ ክግበርን፣ ዝፀንሐ ቀፃሊ ናይ ስራሕ ታሪኽ ንዝነበሮምን ምስ ናይ CDPHE እዋናዊ ወይ መፃኢ ኮቪድ-19 ክንክን ጥዕና ትእዛዛት ዝተተሓሓዘ ስርሖም ንዝሰኣኑን ሓገዝ ቅድምያ ክግበርን ትእዛዝ ይህብ። እዞም ማዕኸናት ካብ ዕለት እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ንሽድሽተ (6) ኣዋርሕ ድልዊ ክኾኑ ኣለዎም ዝኾኑ ዘይባኸኑ ማዕኸናት ኣብቲ ማዕኸን ህፁፅ ሓደጋ ክፀንሑ ኣለዎም። ብፌደራላዊ መንግስቲ ዝተከሓሓሱ ማዕኸናት ናብቲ ማዕኸን ህፁፅ ሓደጋ ክምለሱ እዮም። ብተወሳኺ DOLA ምክፍፋል ግዝያዊ ናይ ክራይን ልቓሕን ሓገዛት ንምፍፃም ምስ ኣብ መላእ ሃገር ዘለዉ ሽርካታት፣ ናይ ትርፊ ዘይኮኑንን ናይ ውሽጢ ዓዲ ሽርካታት መንግስቲን ብምምላእ ንክሰርሕ ይእዝዝ። እዚ መምርሒ ኣብ ምፍፃም፣ DOLA ግለ ሰባት ድርብ ጥቕማ ጥቕሚ ከይወስዱ ከረጋግፅ ኣለዎ።

D. DOLA ድልየታት ብምኽንያት ኮቪድ-19 ፓንደሚክ ዘጋጥሞም ገንዘባዊ ሽግር ንምፍታሽ ምስ ናይ ክራይ ንብረታት ወይ ካብ ብዙሕ ክሳብ ትሑት ኣታዊ መንበርታት ዘቕርቡ ወነንቲ መንበርታት ብዙሕ ስድራቤትን ሜዳታት ተንቀሳቐሲ ገዛን ክሰርሕ ይእዝዝ፣ ከምኡ እውን DOLA ናይ ክራይ ምጥፋእ፣ ንነበርቲ ኮሎራዶ መንበሪን መፅለልን ድልየታት ንምዕቃብ ንክሕግዝ ድልዊ ዝኾነ ወይ ክኸውን ዝኽእል ፌደራላዊ፣ ግላዊን፣ ግብረሰናያዊ ውፈያታትን ብምምላእ ግን ናብኡ ብዘይተወሰነ ንምርኻት ዘኽእሉ ሜላታት ንክፍትሽ ይእዝዝ። እዚ መምርሒ ኣብ ምፍፃም፣ DOLA ግለ ሰባት ድርብ ጥቕማ ጥቕሚ ከይወስዱ ከረጋግፅ ኣለዎ።

E. DOLAን CDLE ሓበሬታ ንክለዋወጡን ንምክፍፋል ግዝያዊ ናይ ክራይን ልቓሕን ድጋፋት መምርሕታትን መስርሓትን ከማዕብሉን ይእዝዝ።

F. DORA፣ ብክፍልታት ባንኪን ፋይናንሳዊ ኣገልግሎታትን፣ ስግኣት ወረሳ መንበርታትን ንግድታትን ምፍንቓል ግለሰባትን ኣናእሽተይ ቢዝነዛትን ንምቅላስ ተግባራትን ፖሊሲታትን ንምልላይ ምስ ብሃገር ዝተመስከረሎም ፋይናንሳዊ ትካላት ንክሰርሕ ይእዝዝ። ብተወሳኺ DORA ናይ መንበሪ ገዛን ንግዳውን ልቓሓትን ዝሓዙ ባንክታት፣ ማሕበራት ልቓሕን፣ ካልኦት ፋይናንሳዊ ትካላትን ወረሳታትን ምስ ወረሳ ዝተተሓሓዙ ምልቃቓትን ካብ ፅኑዕ ንከያ ኣታዊ

መንበርን ቢዝነስን ብምኽንያት ፅልዋ ኮቪድ-19 ፓንደሚክ ዝተልዓሉ ክኾኑ ከለዉ ወረሳታትን ዝተትሓሓዙ ምልቃቓትን ጠጠው ንክብሉ፣ ንምትብባፅ ስጉምትታት ንክወስድ ይእዝዝ። ብተወሳኺ፣ DORA ነዞም ፋይናንሳዊ ትካላት ንኹሎም ጠለብቲ ልቓሓት፣ ናይ መንበርን ንግድን ልቓሓት፣ ዳግመ ምወላ፣ ባዕለ ልቓሕ፣ ናይ ተምሃሮ ልቓሓትን፣ ልቓሓት ኣናእሽተይ ቢዝነዛትን ብምምላእ ብኮቪድ-19 ብኢኮኖሚ ንዝተፀለዉ ዓሚላትን ቢዝነሳትን ናይ ቴስዓ መዓልቲ (90) ምውንዛፍ ክፍያ ንክቐርቡ ንክተባብዕ ይእዝዝ።

G. ኩሎም ናይ ኣውራጃ ፀሓፍትን ፀብፀብትን፣ ክንዲ ዝከኣል መጠን፣ ኣብ ጋህዲ ንብረታት ጋህዲ ድልየታት ንምርካብ ንዝደልዩ ፋይናንሳዊ ትካላት፣ ከይዲ ናይ መንበርን ንግድን ዳግመ ውከሳ ክማላእ ከም ዝኽእል ንምርግጋፅ ፍፃመታትን ካልኦት ዝተትሓሓዙ ሰነዳትን ብምፅብፃብ ቀፃሊ ዘለዎ መእቶ ንክቐርቡ ይእዝዝ።

H. ብዓል ሕድሪ ህዝቢ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ ከይድታት እዞም ዝስዕቡ ሕግጋት ዓንቀፅ 38 ሕታም 38 ዝተመሓየሸ ሕጊ ኮሎራዶ ንሳልሳ (30) መዓልቲ ንምውንዛፍ ስጉምትታት ንክወስድ ስልጣን ይህብ ከይዲ ወረሳ ብዝምልከት፡ § 38-38-102 (ምምዝጋብ ቁሩፅ መዓልቲ ምልከታ መረፃን ጠለብ መሸጣን ዝምልከት); § 38-38-103 (ቁሩፅ መዓልቲ ምልኣኽ ናይ ሓባር ምልከታ ዝምልከት); § 38- 38-104 (ቁሩፅ መዓልቲ ሓደ ወገን ምልከታ ናይ ምዕቃብ ሓሳብ ዝምስርተሉ ከምኡ እውን ብዓል ሕድሪ ነቲ ምልከታ ናብ ተሕዚ መዘኻኸሪ ወይ ከዓ ጠበቓኡ ክልእኾ ዘለዎ ናይ ግዝ መደብ፣ ከምኡ እውን ቁሩፅ መዓልቲ ንምጭራት ማዕከናት ንምዕቃብ ዝምልከት); § 38-38-302 (ቁሩፅ መዓልቲ ንምጭራት ማዕኸናት ድሕነት ዝምልከት); ከምኡ እውን § 38-38-501 (ቁሩፅ መዓልቲ ንምፍፃምን ምፅብፃብን መረጋገፂ ፍፃመ ዝምልከት)። ዝኾነ ስጉምቲ በዓል ሕድሪ ህዝቢ ነዞም ዘፈራት ዝምልከት ኣብ ድሕረ ገፅ እቲ በዓል ሕድሪ፣ ኤለክትሮኒክ መልእኽቲ (እንተተኻኢሉ) ከምኡ እውን ኣውቶማቲክ ብዝተገበሩ መልእኽትታት ድልዋ ክግበሩ ኣለዎም።

I. ናይ ኣውራጃ ተሓዝቲ ገንዘብ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ ብምኽንያት ኣኼስ ክፍሊታት ግብሪ ብመሰረት ሕግጋት § 39-10-104.5 ክድለቡ ዝኽእሉ ኣኼስ ተግባራት ንምውንዛፍ ወይ ንምምሓር ስጉምቲ ንክወስድ ፍቓድ ይህብ። ዝኾነ ተግባር ብተሓዚ ገንዘብ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ብዝምልከት ኣብ ድሕረ ገፅ እቲ ተሓዚ ገንዘብ፣ ኤለክትሮኒክ መልእኽቲ (እንተተኻኢሉ) ከምኡ እውን ኣውቶማቲክ ብዝተገበሩ መልእኽትታት ድልዊ ክግበሩ ኣለዎም።

J. ንዓላማ እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ፣ “ትሑት ኣታዊ ስድራታት” ማለት ትሕቲ 50% ማእኸላይ ናይ ከባቢ ኣታዊ ዘለዎም ስድራታት።

K. ምንም ኣብዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ተኻሪዱ ካብ ግዴታ ምኽፋል ክራይ ኣይገላግሎን፣ ናይ ኣካራዩይ ግዚኡ ዝኣኽለ ክራይ ናይ ምስብሳብ ክእለቱ ዋላ፣ ወይ ብተፃራሪ ናይ ህዝቢ ጥዕናን ውሕስነትን ጠለባት ወይ ካልኦት ሕጋዊ ጠለባት ምምላእ ኣይዓግትን።

## III. <u>መምርሒታት ኣገልግሎት</u>

A. ነቲ ኣገልግሎታት ህዝቢ መዚ (PUC)፣ ኣብ ውሽጢ DORA፣ ምስ ፅልዋታት ኮቪድ-19 ብዝተተሓሓዘ ካብ መንበሪን ኣናእሽተይ ቢዝነዛት ጠለብትን ንዝደንጎዩ ወይ ዝሓለፉ ክፍሊታት ምቁራፅ ኣገልግሎታት ንከወንዝፍ ምስ ኩሎም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ኣገልግሎታት ህዝቢ ንክሰርሑ ይእዝዝ።

B. ብተወሳኺ PUC ዳግም መራኸቢ ክፍሊታት ንክምሕርን ወሰኻት ዝደንጉየ ክፍሊታት ንኩሎም ብፅልዋታት ኮቪድ-19 ኣዝዮም ዝተሸገሩ ዓሚላት መንበርን ኣናእሽተይ ቢዝነዝ ጠለብትን ንከወንዝፍ ከምኡ እውን ምስ ፅልዋፅት ኮቪድ-19 ብዝተተሓሓዘ ንዘይምኽፋሎም ወይ ኣብ ዕዳ ብምእታዎም ኣብዚ ሕዚ እዋን ተበቲኾም ዘለዉ ግልጋሎታት ናብ ዝነበሮም ንምምላስ ፍትሓዊ ፃዕሪ ክገብር ይእዝዝ።

C. ብተወሳኺ PUC ዓማዊል፣ብፍላይ ነቲ ትሑት ኣታዊ ጉልበት ድጋፍ ፕሮግራም ብቑዓት ዝኾኑ ዓማዊል ኣብ ምኽፋል ምስ ፅልዋ ኮቪድ-19 ዝተተሓሓዙ ናይ ኣገልግሎት ክፍያታቶም ንምሕጋዝ ናይ ክፍሊት ድጋፍ ፕሮግራም ከማዕብልን ከቕርብን ምስ ኩሎም ህዝባዊ ኣገልግሎታት ክሰርሕ ይእዝዝ።

D. ብተወሳኺ PUC መምርሒ ምቕዳም ድጋፍ ክፍሊት ንከቕርብ ምስ ኣገልግሎታት ህዝቢ ንክሰርሕ ይእዝዝ። ብተወሳኺ፣ PUC ዝዛመዱ መረዳእታታት ብዛዕባ ኣፈፃፅማ ከም ምላሽ እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ኣብ መላእ ሃገር ዝተወሰዱ ስጉምትታት ክእከብን ክቆፃፀርን ኣለዎ ከምኡ እውን ብሰሙናዊ መሰረት ነዞም ፃዕርታት ናብ ቢሮ እቲ ኣማሓዳሪ ፀብፃብ ከቕርብን ኣብ ናይ PUC ድሕረ ገፅ ክልጥፎን ኣለዎ።

E. ቢሮ ሓይሊ ኮሎራዶ ምስ ኮቪድ-19 ዝተተሓሓዘ ፅልዋታት ንምግምጋም፣ ከምኡ እውን ንምፍኳስ ምስ ኮቪድ-19 ዝተተሓሓዙ ፅልዋታት ዝዛመዱ ርእይቶታት ናብ ቢሮ ኣማሓዳሪ ፀብፃብ ከቕርቡ ምስ ኣብ መላእ እታ ሃገር ዘለዉ ኣቕረብቲ፣ ማሕበራት ንግዲን፣ ጠለብቲ ምውዓይ ፕሮፔን ንክሰርሕ ይእዝዝ።

F. ንዓላማታት እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ፣ “ጠለብቲ ኣናእሽተይ ቢዝነዛት” ማለት ብመሰረት ብPUC ዝተመስረተ ናይ ኣገልግሎት ቀረፅ ግልጋሎት ኣገልግሎታቱ ኣብ ተጠቃሚ ንእሽተይ ቢዝነዝ ወይ ተጠቃሚ ንእሽተይ ንግዲ ዝተመደበ ዓሚል ኣገልግሎታት ህዝቢ ወይ ከዓ ከምዙይ ዓይነት ናይ ቀረፅ ኩነታት ዝእልሽ ዘሎ ዓሚል ኣገልግሎታት ህዝቢ ማለት እዩ።

G. ንዓላማታት እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ፣ “ኣገልግሎት ህዝቢ” ወይ ከዓ “ኣገልግሎታት ህዝቢ” ማለት ኣብ ክፍለ ሃገር ኮሎራዶ ግልጋሎታት ኤሌክትሪክ፣ ጋዝ፣ ወይ ማይ ዘቕርቡ ብኢንቨስተር ዝውነኑ፣ ናይ ቤት መዘጋጃ፣ ወይ ተራድኣዊ ትካል ማለት እዩ።

## IV. <u>መምርሒታት መድሕን ስራሕ ኣልቦነት</u>

A. ካብቲ ማዕኸን ህፁፅ ሓደጋ ሓደ ሚልየን ዶላር ($1,000,000) ናይታ ሃገር ኢኮኖምያዊ ቀዋምነት ንምትብባዕ ንጥቕማ ጥቕሚ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት (UI) ንዘመልከቱ ግለ ሰባት ድልዊ ዝኾኑ ግልጋሎታት ንምምሕያሽን ምስላጥን ክምግደርን ንCDLE ድልዊ ክግበርን ይእዝዝ። እዞም ማዕኸናት ገንዘብ ካብ ዕለት እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ጀሚሩ ክሳብ ሽድሽተ (6) ኣዋርሕ ድልዊ ኮይኖም ክፀንሑ ኣለዎም ዝኾኑ ዘይተሓንሸሹ ማዕኸናት ገንዘብ ከዓ ኣብቲ ማዕኸን ህፁፅ ሓደጋ ክፀንሑ ኣለዎም። ብፌደራላዊ መንግስቲ ዝተከሓሓሱ ማዕከናት ናብቲ ማዕከን ህፁፅ ሓደጋ ክምለሱ እዮም።

B. CDLE መስርሕ ጥርዓን ጥቕማ ጥቕሚ UI ከሳልጥ ኣለዎ ከምኡ እውን ምክፍፋል ክፍሊታት ንምርግጋፅ ብምኽንያት ፅልዋ ኮቪድ-19 ዝተፈናቐሉ ሰራሕተኛታት ካብ ቅብሊት ምምስራት ዝተማለአ መመልከቸኦም ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) መዓልትታት ከምኡ ዓይነት ክፍሊታት ምውሳድ ክጅምሩ እዮም ተግባራዊ ክንዲ ዝኾነ መጠን።

C. መምርሒታት IV.A. ን IV.B. ንምፍፃም፣ ኣብ ትሕቲ እዞም ዝስዕቡ ዘለዉ ጠለባት የወንዝፍ፡

i. C.R.S. § 8-73-107(1)(d) ተቐበልቲ ጥቕማ ጥቕሚ UI ጥቕማ ጥቕሚ ቅድሚ ምርካቦም ሓደ ክፍሊት ዘይብሉ ናይ ፃንሒት ሰሙን ከገልግሉ ከምዘለዎም፣ ከምኡ እውን C.R.S. § 8-73-107(1)(g)(I) ተቐበልቲ ጥቕማ ጥቕሚ UI ብንጥፈት ስራሕ ክደልዩ ከም ዘለዎም።

ii. C.R.S. § 8-73-108(e) ጥቕማ ጥቕሚ UI ንሒሳባት ናይ ኣስራሒ ልምዲ ግምገማ ከምዝኽፈሉ፣ ከምኡ እውን CDLE፣ ብክፍሊ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ኣቢሉ ካብ ፅልዋታት ኮቪድ-19 ዝሰዓቡ ጥርዓናት፣ ጥቕማ ጥቕሚ ኣብ ክንዲ ንሒሳብ ናይ ኣስራሒ ግምገማ ልምዲ ነቲ ማዕከን ከኽፍል ይእዝዝ።

iii. C.R.S. § 8-74-102(1) ሰራሕተኛታ CDLE ጥርዐን ጥቕማ ጥቕሚ UI ምስተቀበሉ ንካልኦት ግዱሳት ወገናት ከፍልጡ ከም ዘለዎም ከምኡ እውን ከምዚኦም ዝበሉ ወገናት ቅድሚ CDLE ጥቕማ ጥቕሚ ናይ ምዕዳል ውሳነ ቅድሚ ምሃቡ ዓሰርተ ክልተ (12) ካላንደር መዓልትታት ነቲ ዝተበሃለ ጥርዓን መልሲ ንክህቡ ክወሃቦም ከምዘለዎ፣ CDLE፣ ንምርግጋፅ ቅልጡፍ ክፍሊት ጥቕማ ጥቕሚ ብክፍሊ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ኣቢሉ ቅድሚ ግዱሳት ወገናት ምፍላጡን ተወሳኺ ኣለሻ ሓቂን ካብቲ ፅልዋ ኮቪድ-19 ዝሰዓበ ክፍሊት ጥቕማ ጥቕሚ UI ከቕድም ይእዝዝ።

iv. ብመሰረት C.R.S. § 8-74-102(1) ዝተወሃቡ ስልጣናት፣ ፈፃሚ ዳይረክተር CDLE መምርሕታት IV.A - IV.C. እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ንምፍፃም ከም ኣድላይነቱ ህፁፅ ሕግታት ክእውጅን ከውፅእን ኣለዎ።

## V. ***<u>ዕድመ</u>***

እዚ ፈፅሚ ትእዛዝ ሰላሳ (30) መዓልቲ ካብ መጋቢት 20/2020 ክዛዘም ኣለዎ፣ ብፈፃሚ ትእዛዝ ብተወሳኺ እንተዘይተናዊሑ፣ ብዘይካ እዙይ ኣብ ክፍልታት II.C. ን IV.A. ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ማዕኸናት፣ ካብ ዕለት እዚ ፈፃሚ ትእዛዝ ነቲ ዝተገለፀ ዓላማ ንሽድሽተ (6) ኣዋርሕ ድልዊ ኮይኑ ክፀንሕ ኣለዎ።

ኣብ ትሕቲ ክታመይን ፈፃሚ ማሕተም ክፍለ ሃገር ኮሎራዶን፣ እዛ መበል ዒስራ መዓልቲ መጋቢት፣ 2020 ዝተወሃበ።

ጃሬድ ፖሊስ
ኣመሓዳሪ